**ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ - ሕድሪ** **جبهة الإنقاذ الوطني الإرترية - حيدرى**

# ERITREAN NATIONAL SALVATION FRONT – HIDRI

## ደምዳሚ መግለጺ ኣኼባ መሰጋገሪ ባይቶ ግሃድኤ ሕድሪ።

መሰጋገሪ ባይቶ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ሕድሪ ሎሚ ዕለት 5 ሕዳር 2017 ኣብ ዘካየዶ ህጹጽ ኣኼባ ንውሽጣዊ ኩነታት ውድብ ገምጊሙ ዳግመ ስርርዕ ብምኽያድ ንእዋናዊ ኩነታት ሃገርናን ኣተሃላልዋ ደንበ ተቓውሞን ዳህሲሱ፡ ንቐጻሊ ንጥፈታቱ ዝኸውን ኣገዳሲ ውሳኔታት ኣማሓላሊፉ።

ነቲ ተወከልቲ ውድብና ዝተሳተፉሉ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ጥቅምቲ ኣብ  ኢትዮጵያ ዝተኻየደ ናይ ፖለቲካ ውድባት ሰሚናር ዝምልከት ጸብጻብ ሰሚዑ ንተግባራዊነቱ ኣበርቲዑ ክሰርሕ ሙኺኑ ኣስሚሩሉ። ነቲ ምስ ኩለን ውድባት ሓቢርካ ምስራሕን ብፍላይ ድማ ምስተን ብፖለቲካዊ መደብ ዕዮኤን ንዓና ዝመስላ ውድባት ክሳዕ ፍጹም ሓድነት ዝኸይድ ምቅርራብ ምግባርን እዋኑ ሕጂ ሙኺኑ ብጽኑዕ ኣሚኑሉ።

ስለዚ ነቲ ዛጊት ሒዙዎ ዝጸንሐ ካልእ ንጥፈታት ኣዛሕቲሉ ብቐዳምነት ዳግመ ስርርዕ ክገብርን ነብሱ ኣደልዲሉ ብዝቐልጠፈ ናብ ጉባኤ ክኣቱን ወሲኑ። በዚ መሰረት እቲ ኣቦመንበር መሰጋግገሪ ፈጻሚ ኣካል ኮይኑ ነዚ ውድብ ክመርሕ ዝጸንሐ ብጻይ ጥዑምዝጊ ጠዓመ ካብ ናይ ኣቦመንበርነት ሓላፍነቱን ናይ ባይቶ ኣባልነቱን ብወለንትኡ ብምስሓቡ ካብ መንጎ ኣባላት ባይቶና ንዕኡ ተኪኡ  ናይ መሰጋገሪ ፈጻሚ ኣካል ኣቦመንበር ኮይኑ ክመርሕ ባይቶ ንብጻይ ክፍልዝጊ ገብረመድህን መዚዙ ኣሎ። በዚ ኣጋጣሚ ካልእ ውድባዊ ምትዕርራያት’ውን ገይሩ ናብ ሓድሽ ናይ ንጥፈታት መድረኽ ከምዝተሰጋገረ ይሕብር።

ብኻልእ ሸነኽ ድማ ንጨንፈር እስራኤል ብዝምልከት እቶም ብዘርኣዩዎ ናይ ዲሲፕሊን ጉድለት ኣራሚ ስጉምቲ ዝተወሰደሎም ኣርባዕተ ኣባላት ባይቶ ነበር ምስ ኣርባዕተ መራሕቲ ጨንፈር ውድብን ካልኦት ሰዓብቶምን ኮይኖም ኣብቲ ጨንፈር ዘካይዱዎ ዘለዉ በታኒ ጸረ-ስርዒት ተግባር ፍሉይ መጽናዕትን ዕቱብ ክትትልን ክግበረሉ ባይቶ ወሲኑ ኣሎ።

ድሕነት ህዝብን ሃገርን ልዕሊ ኩሉ
ዓወት ንሓፋሽ ብተግባር
መሰጋገሪ ባይቶ ግሃድኤ ሕድሪ
05. 11. 2017